ኣብ ኤጀንሲ ድጅታል ክልል ትግራይ ዳይሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳር ንኤጀንስና ግልጋሎት ዝውዕል ናይ ኤሌትሮኒክስ መለዋወጢ ኣቑሑት ብፕሮፈርማ ጨረታ ኣዋዳዲሩ ክገዝእ ይደሊ።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሰነ 4, 2017 ( ቅድሚ 9 ወርሒ)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሰነ 6, 2017 09:30 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ዓርቢ ሰነ 6, 2017 10:00 ደ/ሰዓት
መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

ቁፅሪ:ኤ/ድ/ት/ፕ/ጨ-14/07/17

ምልክታ ፕሮፎርማ ጨረታ ቑፅሪ 09/17

ዝወፀ ምልክታ ፕሮፎርማ ዝርዝር ተደላይ ንብረትን ነጋዶ ዝመልእዎ መወዳደሪ ነፀላ ዋጋን ዘርኢ ሰደቓ ነዚ ቅጥዒ ዝመለአ ነጋዳይ

ኣብ ኤጀንሲ ድጅታል ክልል ትግራይ ዳይሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳር ንኤጀንስና ግልጋሎት ዝውዕል ናይ ኤሌትሮኒክስ መለዋወጢ ኣቑሑት ብፕሮፈርማ ጨረታ ኣዋዳዲሩ ክገዝእ ይደሊ። ዝስዕቡ ረቋሒታት እተማልኡ ነጋዶ ክትሳተፉ/ፋ ትኽእሉ/ላ።

መምርሒ ተወዳደርቲ/ተጫረቲ/

በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድን ግብሪ ከፈላይ ቁፅሪ/TI/ ዘለዎ ምኻኑ መረዳእታ ዘቕርብ ፣ ዝተሓደሰ ናይ መቕረባይነት ምስክር ወረቐት መረዳእታ ከቕርብ ዝክእል።

➢ ሰዓራይ ምስ ተፈለጠ ካብ ዝተገለፀልኩም እዋን ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ብናይ ባዕልኹም ትራንስፖርት ናብ ኤጀንስና ክተቕርቡ ትኽእሉ ነጋዶ ንግዲ ፍቓድኹም፡ ናይ ግብሪ ከፋላይነት መለለይ ቁፅርኹምን ናይ መቕረባይነት ምስክር ወረቐትኩምን ኮፒ ምስ መወዳደሪ ዶክመንትኹምን ብምትሕሓዝ ክትወዳደሩ ትኽእሉ ምኳንኩም እናገለፅና መወዳደሪኹም ሽምን ፊርማን፣ ኣድራሻን ናይ ትካልኹም ማህተምን ብምግባር ብሽምዒ ብዝተዓሸገ ፖስታ ካብ ዕለት 03/10/2017 ዓ/ም ክሳብ 06/10/2017 ዓ/ም ሰዓት 9፡30 ድ/ሰዓት ክተቕርቡ/ክትወዳደሩ ትኽእሉ።

➢ እቲ ፕሮፈርማ ዕለት 06/10/2017 ዓ/ም ሰዓት10፡00 ድ/ሰዓት ኣብ ኤጀንሲ ድጅታል ትግራይ ደጀን ቢሮ ቁፅሪ 1-06 ይኸፈት።

➢ ሰዓርቲ እተቕርብዎ ንብረት ቅቡል ዝግበር ኤጀንስና ብዝወከሎም ሰብ ሞያታት ተፈትሹ ብዝተጠየቐ ስፔስፍኬሽን ምኳኑ ምስ ተረጋገፀ እዩ። ካብቲ ዝተሓተተ ስፔሲፊኬሽን ወፃኢ ካሊእ ዓይነት ቀይርካ ዝምላእ ዋጋን ስርዝ ድልዝ ዘለዎን ተቐባልነት የብሉን።

➢ ኣብ ስቶር ኣቑሑት ዘይብሉ ተወዳዲሩ ሰዓራይ ዝኾነ ትካል ኣብ ስራሕና ንዝበፅሕ ምትእጉጓል ተጠያቂ ይኸውን፣

➢ እዚ ሰነድ ጨረታ ፕሮፈርማ እዙይ ኣብ መንጎ ሰዓራይ ትካልን ኤጀንሲ ድጅታል ክልል ትግራይን ከም ሕጋዊ ውዕሊ ኮይኑ ከም ዘገልግል ክትፈልጡ ይግባእ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

➢ ኤጀንስና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ጨረታ ፕሮፈርማ ብክፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ። ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ እዋን እቲ ጨረታ ፕሮፎርማ ተራእዩ ሰዓራይ ካብ ዝተፈለጠሉ መዓልቲ ጀሚሩ ክሳብ 7 ናይ ስራሕ መዓልቲ ይኸዉን።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0342400527 ደዊልካ ምሕታት ይካኣል። ኣድራሻመቐለ ዓዲ ሓቂ ደጀን ቢሮ - ቢሮ ቁጥር 1-06

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle